ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ አዲስ አበባ
ቴሌ +251 111 24 80 21 ፋክስ +251 111 23 27 05
ኢሜል tsaau2001@gmail.com
አዲስ አበባ ኢትዮጲያ

**ዕለት** 4 **ሚያዝያ** 2001**ዓም**
**ቁፅሪ** 0012/08/2001

**ይብፃሕ**

**ናብ ሓፋሽ ህዝቢ ትግራይ**
**ናብ ፕሬዚደንት ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣይተ ፀጋይ በርሀ**
**ናብ ኣብ መላእ ሃገርና ኣብ ዝርከባ ዩኒቨርሲቲታት እትርከቡ ተጋሩ ተመሃሮ**
**ናብ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እትርከቡ ማሕበር መናእሰይ ትግራይ**

**ስላምታና ካብታ እፋፌት ባና ደደቢት ዝኾነት ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ይብፃሕኹም ንብል**

**ዓመት መፀ ሓደስቲ መስተንክራዊ ስራሕቲ ብምስራሕ ቅያ ኣብ ልዕሊ ቅያ ምምዝጋብ ባህርያዊ ፀጋኻ ዝኾነ ሓፋሽ ህዝቢ ትግራይ**

**ደሃይ "ወፍሪ ናይ ኣርባዓ ዓመት ድኽነት ኣብ ኣርባዓ መዓልቲ" ፍፃሜ "ዘይድየብ ጎቦ ዘይስገር ሩባ ከምዘየለ ዳግም ዘመስከረ ርሱን ናይ ለብዘበን ርብርብካ" ፀብፃብ "እቲ መልሓስ ፀላእትኻ ዘንከሰ ተኣምራታዊ ዓወት ስሉጥ ዕማማትካ" ሰሚዕና ስለእተሓበና! ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መኣዲ ትምህርቲ እንፃጊ ዘለና ተጋሩ ደቅኻ ኣብዚ ትርጉም ስረን ጅግንነትን ኣብ መዛግብቲ ቃላት ተወሳኺ ትርጉም ክህልዎምን ብወርቃዊ ቃላት ደሚቖም ክሰፍሩን ዘስገደደ !ኣሰር ስሙር ቀላፅምካ ኣብ መፃኢ ብሩህ ተስፋ ትግራይ ዘንበረ ፍፃመኻ! ዘለና ደውታ ክንገልፀልካ ተበጊስናለናሞ እነሆ ቃልና ይብፃሕኻ**

**ኣማን ብኣማን ሰራውር ድኽነት ዝዝልዕፍ በሊሕ መላፀ ብሩህ ሓድሽ ኣራኣእያ! ስጡም ውዳበን ኣመራርሓን ዝሰነዮን ሃይሃይታ ዘፀንበሎን ህርኩት ስራሕ ምኻኑ ዘመስከረ ዘኹርዕ ፍፃመ$ ቅያን ትግራይን ትግራይን ቅያን ኣብ ሓድሽ ፀረ ድኽነት ሰንሰለት ዘተኣሳሰረ ሓድሽ ተኣምራታዊ ተግባር**

**ኣብ ፅባሕ ባሕቲ እዚ ናይ ህዳሴ ዘመን ብኣሰር ሓደስቲ ስዳሮታት መሪሽካ ኮሪዕኻ ኣኹሪዕኻና ኢኻሞ ብመንፈስ ኩልና ኣብጉንኻ ኣለና**

ስለዚ ድማ ተግባርካ ንወነን ሓድነትን ደቅኻ ፈቲሹ ልክዕ ከምቶም ፈላፍል መስኖታትካ ኣሰርካ ክንክተል ይዕድመና ከምዘሎ ተገንዚብና ኣለናሞ ነናብ ዝምልከቶ ዝስዕብ ልኡኽቶና ይብፃሕኹም ንብል

ብሸምና ብሽም ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ጎቦ ክንምቀል ለብዘበን ክራማት ኣብ ዕረፍትና ንሕናውን ኣሰር ወለድና ሒዝና ክንሰርሕን ኣሰር ደደቢታውያን ደቂ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ጎዳና ልምዓት ክነንብር ዛላታት ሰሪሕና ጎቦና ሓምላይ ክትለብስን ጎቦ ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ተባሂላ ክትስየመልናን ክልላዊ መንግስትናን ውድብናን ዘድሊ ዘበለ ከዳልዉልና ንፅውዕ

ኣብ ኩለን ዩኒቨርሲቲታት ኢትዮጵያ እትርከቡ ብፆትና ኣብዘዘለኹምዎ ነዚ ኣብ ከይዲ ታሪኽ ክልልና ተወዳዳሪ ዘይብሉ ፍፃሜ ወለድና እንታይነቱን ኣገዳስነቱን ብዝግባእ ዘቲኹም ተመሳሳሊ ቅዋም ብምውሳድ ብኣመራርሓ ክልላዊ መንግስትናን ውድብና ተጠ ሚርናን ኣብ ዓውደ ርብርብ ብሓባር ክንከርምን ጎቦ ተመàዕልኩም ታሪኽ ሰሪሕኹም ቅያ ስውኣትና ኣህዲስኩም ሽምኩም ክትተኽሉ ንፅውዕ

ኣብ ፅላል ማሕበር መናእሰይ ትግራይ ተወዲብኩም እትረባረቡ ዘለኹም ውዳበታት እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ዓውደ ርብርብ ኣብነኒ ህዝብና ክትከርሙ ብዳግም ደሃይ ውፈር ተበገስ ንፅውዐኩ

ድኽነት ኣብ ክልልና ዛንታ ኣብ ምግባር ዓቢ እጃም ኣብ ዘወፊ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ተኣምራታዊ ስጻሮ ሓመድን ማይን ዕቀባ ወለድና እጃምና ክነንብር ተዳሊና ኣለናሞ ወፍርና ክሰልጥ በዓል እጃም ዘበልካ እጃምካ ክትወፍየልና ብኽብሪ ንዕድም

ደመ ኣዕፅምቲ ኣያታትና ዝዓäራ ጎቦታት ብረሃፅና ሓምላይ ክነልብሰን ኢና

ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ
ሚያዝያ 4 2001 ዓም

## ቅዳሕ

- ኣይተ መለስ ዜናዊ - ጠቅላይ ሚኒስቴር ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን ! ኣቦ ወንበር ህወሓት/ኢህወዴግ
- ኣቦ ወንበር ዞባ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣዲስ ኣበባ
- ኣቦ ወንበር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣዲስ ኣበባ
- ኣቦ ወንበር ማሕበር ረድኤት ትግራይ መàለ
- ኣቦ ወንበር ሰፍሓ ኣዲስ ኣበባ
- ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ማእከል ኢንፎርመሽን ዋልታ ኣዲስ ኣበባ
- ኩለን ሚደያታት